# ድሕነት

ንሰላም፣ ንደሞክራሲ፣ንፍትሒ፣ ንማዕርነት፣ ንምዕባለ፣

ብቤት ጽሕፈት ዜናን ባህልን ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ
ትዳሎ ክልተ ወርሓዊት መጽሄት
ወርሒ መጋቢት - ሚያዝያ 2010፣ 5ይ ዓመት፣ ቁ. 2

- ዓወት ንፖለቲካዊ ውሳኔታት ቀዳማይ ጉባኤ ግሃድኤ!!
- ድሕነት ህዝብን ሃገርን ልዕሊ ኩሉ !!

# መልእኽቲ ድሕነት

## ኤ.ዲ.ኪ. ጠርናፊ ጽላል፣

*"ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ጠርናፊ ጽላል ኩሎም ኤርትራውያን ተቓወምቲ ሓይልታት ምዃኑ ብምቕባል፣ ከም ቀንዲ ተጣባቓይ ኤርትራዊ ጉዳያት፣ ኣብ ዞባውን ኣህጉራውን ክልታት ናብ ዘይስገር ወይ ዘይነዓቕ ብርኪ ንምድያቡ፣ ግደኡ ክዓዝዝ ከም ዘለዎ ርእዩ። ምስ'ዚ ብምትእስሳር፣ ተደላይነት ምኽያድ ሃገራዊ ዋዕላ ንደሞክራስያዊ ለውጢ ኣስሚሩሉ።"* ካብ ፖለቲካዊ ውሳኔታት ቀዳማይ ጉባኤ ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ።

ህዝቢ ኤርትራ ነዊሕን መሪርን ቃልሲ ኣካይዱ ዝዓተሮ ሃገራዊ ናጽነት ከየስተማቐረ፣ ብዲክታቶርያዊ ስርዓት ኢሰያስ ተጨውዩ ካብቶም ዝሓለፉ ባዕዳውያን ገዛእቲ ብዝኸፍአ መልክዕ መዳርግቲ ዘይርከቦ ሃገር ከደን ሕሰመ መከራ የሕልፍ ኣሎ። እዚ ከኣ ውህሉል ድቂ ተንኮል፣ ጥጅእ ሒዙ ዝሰወደ መን ከማይ በሃሊ ዲክታቶር ኢሰያስ ንኤርትራ በይኑ ከም ዝተቓለሰላን ናይ በይኑ ሕዛእቲ ከምዝኾነትን ብዘስምዕ ድሕሪ ናጽነት ሓደ ወርሒ ኣብ ዘይመልአ ግዜ 20 ሰነ 1991 "ናይ ውድባት ሓሸውዬ ኣይፍቀድን'ዩ፣ ከም ገበን'ዩ ዝቑጸር" ኢሉ ብእዉጅ መስርሕ ደሞክራሲ ኣብ ኤርትራ ከይዕምብብ ረጊጡ ምሓዙ ይዝከር። እንሆ ድማ ካብ ዓመት ናብ ዓመት እንዳገደደ ንሕስያ ብዘይብሉ ስርዓት፣ መላእ ህዝቢ ኤርትራ ኩሉ መሰላት ተሓሪምዎ፣ ደም እንዳነብዐ ዓሰርተው ትሻዓተ ዓመት ኣቑጺሩ።

ካብ እዋን ናብ እዋን ኣንቆልቊሉ ዝሃምም ዘሎ ግጉይ ፖሊሲ ስርዓት ህግደፍ ብኩሉ መዳዩ መሸፈኒ ስኢንሉ፣ ሎምስ ኣይኮነን ንኤርትራውያን ንማሕበረሰብ ዓለም'ውን ቅሉዕ ከምዝኾነ ኣብ ባይታ ዝርአ ዘሎ ጉዳይ ምዃኑ መርትዖ ዘድልዮ ኣይኮነን። ህዝቢ ኤርትራ፣ ኩሉ ኣድማሳዊ ሕግታት ተነፊግዎ፣ ሰሪሑ ዝነብረሉ ባይታ ስኢኑ፣ ብጥሜትን ዓጸቦን ይማስን ኣሎ። ብሰንኪ ጠዋሪ ምስኣን ኣብ ገጠራት ኤርትራ ኣረጋውያንን ህጻናትን ኣብ ገዝኦም ይመቱ ኣለዉ። ንቡር ቀብሪ ይሳኣን ኣሎ። መንእሰያት ኣብ ክንዲ ተማሂሮም ነብሶም ክኢሎም ወለዶም ዝጥውሩ ኣብ ፍረ-ኣልቦ መወዳእታ ዘይብሉ ግዱድ ዕስክርና ብዘይ ጻማ ይበልዩ ኣለዉ። ሎሚ ኣብ ኤርትራ ካብ ዘለዉ ቁጽሪ ቤት ትምህርቲ፣ ቁጽሪ ቤት ማእሰርቲ ከምዝበዝሑ፣ ዜጋታት ብዘይ ክሲ ይእሰሩ፣ ናብ ቤት ፍርዲ ከይቀረቡ ዓመታት ዘቑጸሩ፣ ሂወቶም ኣብኡ ዝሓለፉ ብዙሓት ከምዝኾኑ ይፍለጥ። እንዶ ዘይብሉ ስርዓት ህግደፍ ዝመረሮም ዜጋታት ከኣ ብሕሱም ዓቕሊ ጽበት፣ ዝፈትውዋ ሃገሮ ንድሕሪት ራሕሪሖም ብዝረኸብዎ ኣጋጣሚ፣ ኩሉ ሞት ኢሎም ናብ ስደት ብኣሻሓት ይውሕዙ ኣለዉ። ሓለዋ ዶብ ኣባላት ስለያ ስርዓት ህግደፍ ናብ ስደት ከምርሕ ንዝረኸብዎ ዜጋ ብዘይንሕስያ ብጥይት ይምልዕስዎ፣ ገንዘብ ንዘለዎ ድማ ብላዕ ተቐቢሎም ከምዘይረኣዩ ኮይኖም የሕልፍዎ። ብዘበን ውርውራ ነብስኻ ኣይተዕብራ። ሻማ-ሻማ ገንዘብ፣ ብህዝቡ ዘይግደስ ስርዓት ህግደፍ ልሙድ ባህሪኡ'ዩ።

ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኤርትራ ዝፍጸም ዘሎ በደል ጸብጺብካ ዝውዳእ ኣይኮነን። ስርዓት ህግደፍ በዚ ዝኸዶ ዘሎ ናይ ምቕጻል ዕድል እንተረኺቡ'ሞ ኩነታት ህዝብናን ሃገርናን ናብ ዘሰክፍ ገጹ ከይብርኽ ኩሉ ብሃገሩን ህዝቡን ዝግደስ ኤርትራዊ ብኣግኡ ክዓጥቀሉ ይግባእ።

ስለዚ ፖለቲካውያን ውድባት፣ ሰልፍታት፣ በርጌሳውን ማሕበራት፣ መራሕቲ ሃይማኖት፣ መንእሰያት፣ ደቂ-ኣንስትዮ፣ ምሁራት፣ ውልቀ ሰባት፣ ኮታ ኩሉ ኣንጻር ዲክታቶርያዊ ስርዓት ህግደፍ ደው ዝበለ ዜጋ ኩሉ ነቲ ኣብ መወዳኣታ ሓምለ 2010 ብኤዲኪ ኣዋሃሃድነት ክጋባእ ተወጢኑ ዘሎ ዋዕላ ንደሞክራስያዊ ለውጢ ንምዕዋት ዘይሕለል ጻዕሪ ምክያድ ማለት ብዝሓልፍ ሂወት ዘይሓልፍ ታሪኽ ምስራሕ ንህዝብን ሃገርን ነባሪ ታሪኽ እዩ። እሞ ኣብዚ እዋን'ዚ ናይ ህዝብና እዋናዊ ጉዳያት ቅድሚ ኩሉ ብምስራዕ፣ ሃገራዊ ዓቕምታትና ጠርኒፍናን ሓድነትና ኣትሪርናን ግቡእና ክነበርክት ይግባእ።
ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ እቲ ኣብ መወዳእታ ሓምለ 2010 ንክጋባእ ተወጢኑ ዘሎ ዋዕላ ንደሞክራስያዊ ለውጢ ንምዕዋት ክዓዪ ምዃኑ ኣብ ቀዳማይ ጉባኤኡ ኣረጋጊጹ ዘስመረሉ ምዃኑ ይዝከር። ስለዝኾነ ድማ መሪሕነቱን መሰረታቱን ካብኣም ዝጥለብ ኩሉ ኣብ ምብርካት ይርከቡ።

# ቃለ-መሕተት ምስ ተጋዳላይ
# ኣሕመድ መሓመድ ናስር:

ቤት ጽሕፈት ዜናን ባህልን ክፍሊ ዓረበኛ፡ ምስ ተጋዳላይ ኣሕመድ መሓመድ ናስር ኣቦመንበር ፈጻሚ ኣካል ግሃድኤ ብዕለት 17 መጋቢት 2010 ኣብ ህልዊ ሃገራዊ ኩነታትን ሳዕቤናት ውሳኔ ቁጽሪ (1907) ባይቶ ጸጥታን፡ ከምኡ'ውን ኣብ መወዳእታ ሓምለ 2010 ክግበር ዝሕሰብ ዘሎ ሰፊሕ ዋዕላ ንዲሞክራስያዊ ለውጥን ብዝምልከት፡ ዘካየዶ ቃለ መሕትት እንሆ ናብ ትግርኛ ተርጒምና ነቕርቦ ኣሎና፦

*ሕቶ፦ ብድሕሪ ዕውት ቀዳማይ ጉባኤ ግሃድኤ ውድባዊ ኩነታት ከመይ ኣሎ?*

*መልሲ፦* ድሕሪ ቀዳማይ ጉባኤ፡ ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ፡ ፈጻሚ ኣካል ግሃድኤ ኣብ መላእ ክፍልታት ውድብ ምሕደራዊ ዳግመ ስርርዓት ኣካይዱ። ቅጥዒ ኣፈጻጽማ ውሳኔታት ጉባኤ ስኢሉ። ንመሰረታት ውድብን ህዝብን ሓይልታት ተቓውሞን፡ ንመንግስታት ጎረባብቲ ሃገራትን፡ ብዛዕባ ኩነታት ዞባ ዝግደሳ ኣህጉራዊ ሓይልታትን ብዛዕባ ውጽኢታት ቀዳማይ ጉባኤና ሰፊሕ መብርሂ ተዋሂቡ። ኣብ ርእሲ'ዚ'ውን ብመንገዲ ዝተፈላለዩ ዜናዊ ማዕከናትን ፓልቶክን ውጽኢታት ጉባኤ ብዝሰፍሐ መልክዕ ከነብርህ ክኢልና።

ከምኡ'ውን ኣብዚ እዋን'ዚ፡ ሓይልታት ተቓውሞ ኣብ ቅድሚ ሰፊሕ ሓፋሽን ኣህጉራዊ ማሕበረ-ሰብን ብስሙር ሃገራዊ መርገጽ ምቕራብ ኣገዳስነት ኣሎዎ። ካብዚ ብምብጋስ፡ ኣብ ዓውዲ ፖለቲካ ኤርትራ ዝኽሰቱ ሓደስቲ ምዕባለታት ብዝምልከት ሓባራዊ ግንዛበ ምህላውን፡ ምስቲ ብሃገር ደረጃ ክረአ ንዝኽእል ፖለቲካዊ ምዕባለታትን ግምታትን ዝጠዓዓም ውጥናት ንምሕንጻጽን ኣብ ግምት ብምእታው፡ መሪሕነት ውድብ ብዛዕባ ክግበር ዝካኣል፡ ርእይቶታት ንምልውዋጥ ምስ ዝተፈላለዩ መሓዙት ሃገራዊ ሓይልታት ክልተኣዊ መፈለምታ ርክባት ኣካይዱ። ኣብዚ ወቕቲ'ዚ እቲ ኣገዳሲ ጉዳይ ኮይኑ ዝረኣየና፡ ጸረ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ዘቕነዐ ግጥሚያታት ክብ ምባል'ዩ። ምእንቲ'ዚ ድማ ኤርትራዊ ተቓውሞ ሓይልታት ኣብ ሞንጎ ህልውን መጻእን ዕማማት ከይሓዋወስካ ፈላሊኻ ምዕያይ ይግባእ። ዲፕሎማስያውን ወተሃደራውን ዜናውን ዓቕምታትን ክእለታትን፡ ካብዚ ሕጂ ዘሎዎ ደረጃ ብዝለዓለ ምውህሃድ የድሊ። ኣብዚ እዋን'ዚ ኣብ ቅድሚ ሓይልታት ተቓውሞ ኤርትራ ተደቂኑ ዘሎ ብቀዳምነታት ካብ ዝስርዑ ዕማማት፡ ብሰንኪ ግጉይ ፖሊሲታት ስርዓት ህግደፍ ንሃገርና ከቢብዋ ዝርከብ ሓደጋታት ምምካት'ዩ።
ካብዚ ብምንቃል፡ <u>ሕድ-ሕድ ምክብባርን፡ ፍትሕን፡ ማዕርነት መሰላትን ግቡኣትን መሰረት ብምግባር፡ ምርግጋእን ሓባራዊ መነባብሮ ዝሰፈኖ ሕብረተ-ሰብ ንምህናጽን ምቹእ ባይታ ዝፈጥር፡ ናይ ዲሞክራስያዊ ለውጢ ኣጠቓላሊ ሃገራዊ ራእዩ ንምውናን ዝዓለመ ሓባራዊ ተረድኦታት ንምስራጽ ኢና፡ ምስ መሓዙት ፖለቲካዊ ሓይልታት እንዛተ።</u>

ኣብ ኤርትራ ዲሞክራስያዊ ለውጢ ንምርግጋጽ ከከም ዓቕምታቶም ጸረ-ዲክታቶርያዊ ስርዓት ምስ ዝቃለሱ ሲቪላዊ ማሕበራት'ውን ኣብ ሃገራት ኤሮጳን ኣሜሪካን ርኽክባት ብምክያድ፡ ዓቕምታቶም ንጥቕሚ ስርሓት ዲሞክራስያዊ ለውጢ ኣብ ኤርትራ ንምውዓል ጻዕርታቶም ምስ ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ከወሃህድዎ ንድርኽ ኢና። ብተወሳኺ፡ መሪሕነት ውድብ ምስ ጎረባብቲ ሃገራት ዝምድና ንምዕዛዝን፡ ዲሞራስያዊ ለውጢ ንምርግጋጽን ዝዓለመ ብዝሓሸ ደረጃ ንቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ዝድግፉሉ ኣገባብ ንምርኣይን ብቐጻሊ ርክባት የካይድ ኣሎ።

ኣብ ርእሲ'ዚ ልኡኽ ውድብ፡ ምስቶም ኣብ ኣዲስ ኣበባ ዝርከቡ ዲፕሎማስያዊ ወከልቲ ጽዑቕ ርክባት ብምክያድ፡ ኣብ ትሕቲ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ህዝብና ዘሕልፎ ዘሎ ሕሱም ኩነታት ኣብርሂሎም። ከምኡ'ውን ኣህጉራዊ ማሕበረ-ሰብ፡ ኣብ ሰብኣዊ መሰላትን ሓርነታትን መዳያት ንማእለይ ዘይብሉ ግህሰታት ይሳጣሕን፡ ኣደዳ ጥምየትን ስደትን ንዝኸውን ዘሎ ህዝብና ኣድላይ ሓገዛት ከበርክትሉ ተማሕጺኖምዎም። ኣብ ፈጻሚ ኣካል ሓላፊ ቤት ጽሕፈት ዝምድናታት ወጻኢ፡ ብዛዕባ ኣብ ኩነታት ኤርትራ ዝምዕብሉ ዘሎዉ ሓደስቲ ኩነታት ንምብራህ ኣብ ሃገራት ኤሮጳ ሰፊሕ ብጽሖት የካይድ ኣሎ። ብፍላይ ድማ ድሕሪ ባይቶ ጸጥታ ኣብ ልዕሊ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ዝወሰዶ ውሳኔ ቁጽሪ (1907) እገዳ። በዚ ዲፕሎማስያዊ ምንቅስቓሳት'ዚ፡ ነተን ብድሕሪ ናጽነት ህልው ገዛኢ ስርዓት ዓይነታዊ መኽሰባት ከመዝግብ ይኽእል'ዩ ኢለን ገዚፍ ትጽቢታት ዘንብራሉ ዝነበራ'ሞ ድሒረን ትጽቢታተን ምፍሻሉ ዘረጋገጻ ሃገራት፡ ሓቀኛ ባህሪ ስርዓት ህግደፍ ከነብርሃሎም ክኢልና ኣሎና።

*ሕቶ፦ ኣሃዱታት ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራን ዲሞክራስያዊ ውድብ ዓፋር ቀይሕ ባሕርን ዘካየድዎ ሓባራዊ-ወተሃደራዊ ስርሒታት ብከመይ ትመዝኖ?*

*መልሲ፦* ውድባዊ ጻዕርታትና ኣብ ወተሃደራዊ ዕዮ ንምዕዛዝን ንዕኡ ዝምልከት ኣድላይ ቅድመ ኩነታት ንምምላእን ዘተኮረ ኔሩ። ኣብዚ መዳይ'ዚ ክሳብ ሕጂ ዘተባብዑ ስጉምትታት ተሰጒሙ ኣሎ። ተወሳኺ ምቹእ ቅድመ ኩነታት ንምምላእ ብቐጻሊ ምጽዓር ከድልየና'ዩ። <u>ኣብ ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ እንኽተሎ ወተሃደራዊ ፖሊሲ፡ ቀንዲ ቀዳምነታቱ ናይ ህዝብና ላዕለዋይ ረብሓታትን ድሕንነትን ፖለቲካዊ ዕላማታት ውድብናን ዘገልግል'ዩ። ስለ ዝኾነ ኣብ ልዕሊ ሰላማውያን ዜጋታትን ንብረቶምን፡ ንጹሃት ጭቁናት ወተሃደራትን፡ ጉድኣት ንከይበጽሕ ክንዲ ዝተኻእለ ብምጥንቃቕ፡ ኣብ ልዕሊ ጨካናት ስለያዊ ትካላት ዲክታቶርያዊ ሰርዓት ህግደፍ ዘቕነዐ፡ ጥንቁቕን ዝተመርጸን ወተሃደራዊ ስርሒታት ምክያድ'ዩ።</u>

እንተ’ቲ ኣብ ሞንጎናን ዲሞክራስያዊ ውድብ ዓፋር ቀይሕ ባሕርን ዘሎ ህልዊ ምውህሃድ፡ ክልተኣዊ ዝምድናታት ናብ ዝሓሸ ደረጃ ንምብራኽ ዝዓለመ ድልየት ክልቲኡ መሪሕነታት’ዩ። ኣብ ምቕልጣፉ ጅኦግራፍያዊ ቅርበት ሓይልታት ክልቲኡ ወገናት ሓጋዚ ግደ ኔርዎ። እቲ ሓባራዊ ስርሒት ኣብ ህዝብና ኣብ ውሽጥን ወጻእን ኣወንታዊ ጽልዋ ኣንቢሩ’ዩ። ብወገንና ካብ ነዊሕ ግዜ ጀሚርና፡ ወተሃደራዊ ክንፍታት ዘለወን ውድባት ኣብ ሓባራዊ ራእይን መሪሕነትን ዘትከለ ወተሃደራዊ ዕዮ ንምውህሃድ ክንጽዕር ጸኒሕና ኢና።
ከምኡውን ካብ ሕጂ ጀሚርካ፡ ኣብ ትሕቲ ዲሞክራስያዊ ስርዓት ብዛዕባ ዕማም ሃገራዊ ወተሃደራዊ ትካልን ፖለቲካዊ መሰላት ኣባላቱን  ሓድነታዊ ራእዩ ክህልወና ንኣምን። ነዚ ጻዕሪ’ዚ ብምቕጻል፡ ብድሕሪ ጉባኤ፡ መሪሕነት ውድብና ናብ ወተሃደራዊ ክንፊ ዘለወን ኣባል ውድባት ኪዳን ብዛዕባ ወተሃደራዊ መዳይ ዝምልከት ተበግሶ ኣቕሪቡ ኣሎ። ንክዕወት ከኣ ተስፋ ንገብር።
እንተ’ቲ ብዛዕባ ጸረ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ህግደፍ፡ ኣድላይነት ወተሃደራዊ ዕዮ ዘይኣምና ውድባት፡ ንሱ ንዐአን ዝምልከት’ዩ። ርእይቶና ካብ ናጻ ውድባዊ ርእይቶ ዝብገስን፡ ቻርተር ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ጸረ ስርዓት ህግደፍ “ኩሉ ኣገባብ ቃልሲ ምጥቃም” ስለ ዝብል ንዕኡ ዘዕዝዝን’ዩ። ዝኾነ ፖለቲካዊ ውድብ ዝሕሾ ሕርያኡ ክወስድ መሰሉ’ዩ። እንተኾነ ግና፡ ኣብዚ እዋን’ዚ ካብ ዝተፈላለዩ ወገናት ንወተሃደራዊ ግጥሚያታት ዘነኣእሱ ገለ ርእይቶታት ምህላዉ እግንዘብ ኣሎኹ። ብፍላይ ከኣ ብድሕሪ ናይ ድሕነትን ዓፋርን ሓባራዊ ስርሒት። እዚ ኣካይዳ’ዚ፡ ካብቶም ኣብ ኩሉ ኣገባብ ቃልሲ እንተላይ ወተሃደራዊ ኣገባብ ዘፍቅድ ቻርተር ዝፈረማ ኣባል ውድባት ኪዳን ክመጽእ እንከሎ ቅቡል ክኸውን ኣይክእልን። እኳ ዳኣ እዚ መርገጺ’ዚ ከም ኣብ ሕርያ ካልኦት ኢድ ምትእትታውን ብተዘዋዋሪ መንገዲ ንዲክታቶርያዊ ስርዓት ዘገልግልን’ዩ ዝቑጸር።
ሕቶ፦ ጠንቂ ወሳኔ እገዳን ኣብ ልዕሊ ስርዓትን ህዝብን ዝህልዎ ሳዕቤናት እንታይ’ዩ።

መልሲ፦ ጠንቅታት ውሳኔ እገዳ፡ ምስቲ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ዝፍጽሞ ዘሎ ጨካን ግህሰታት ሰብኣዊ መሰላትን ጠቕላላ ሓርነታትን፡ ኣብ በበይኑ እዋናት ኣህጉራዊ ውድባት ንሰብኣዊ መሰላት ዝዝርግሕዎ ጸብጻባትን ኤርትራዊ ዘቤታዊ ኩነታት ዝተኣሳሰር ኣይኮነን። ምስ ግዳማዊ ኩነታት ዝዛመድ’ዩ። ንሱ ድማ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ኣብ ጉዳይ ሶማል ጣልቃ ብምእታውን፡ ኣብ ልዕሊ ሃገረ ጂቡቲ ወተሃደራዊ ምትኹታኽ ምግባርን፡ ካብ ዞባዊ ሰላም ምዝራግ ኢዱ ንምእርናብ ኣህጉራዊ ጻውዒታት ብዝመሓላለፈሉ ምሕጽንታታት ዘይምምእዛዝን’ዩ። ኣህጉራዊ ማሕበረ ሰብ ኣብ ክንዲ ነቲ ኣብ ኤርትራ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ዝፍጽሞ ዘሎ ግህሰታት ሰብኣዊ መሰላትን ምጭፍላቕ ሓርነታትን፡ ንዜጋታት ብዘይ ፍርዲ ኣብ ኣብያተ-ማሕቡስ ምድጓንን፡ እሞ ከኣ ኣህጉራዊ ውድባት ንሰብኣዊ መሰላትን፡ ገለ ሚኒስትሪ ጉዳያት ወጻእን ዓመታዊ ጸብጻባት ይዝርግሓ እናሃለዋ፡ ከም ሓደ ጠንቂ ናይቲ እገዳ ክኸውን ኔርዎ። እኳ ዳኣ ኣህጉራዊ ማሕበረ ሰብ ኣብ ኤርትራዊ ዘቤታዊ ኩነታት ዝተሞርኮሰ ኣቓዲሙ ርእሱ ዝኻኣለ ውሳኔ ክወስድ ምተገበአ። እንተኾነ ግን፡ እዚ ኩነታት’ዚ ኣብቲ ፍትሒ ዝህብን፡ ኣብዚ ፍትሒ ዘይህብን፡ ኣህጉራዊ ፍትሒ ምህላውና ዘርእይዩ።

እገዳ ውሳኔ ቁጽሪ 1907 ንኤርትራዊ ኩነታት ዕሽሽ’ኳ እንተበሎ፡ ኣብ ዝምድና ዲክታቶርያዊ ስርዓት ህግደፍ ምስ ኣህጉራዊ ማሕበረ ሰብ ከም ዓቢ ለውጢ’ዩ ክውሰድ ዝግባእ። ሳዕቤናቱ ኣብ ልዕሊ ስርዓት ቀጥታዊ ኣሉታዊ ጽልዋ ከንብረሉ እንከሎ፡ ኣብ ልዕሊ’ቲ በዓንቶብኡ ኣብ ትሕቲ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ክሳቐ ዝጸንሐ ህዝብና ብተዘዋዋሪ መንገዲ ኣሉታዊ ጽልዋ ክህልዎ’ዩ። ከምኡ’ውን እዚ ውሳኔ እገዳ’ዚ፡ ንስርዓት ህግደፍ ኣብ ልዕሊ ህዝብን ተቓወምቱን ናብ ኣዝዩ ዘስካሕክሕ ጨካንን ጨፍጫፍን ክልውጦ’ዩ። በቲ ካልእ ወገን ድማ እንተዳኣ ከምቲ ዝድለ ብጽቡቕ ክንምዝምዞ እንተኽኢልና፡ ንተቓውሞ ሓይልታት ዲሞክራስያዊ ለውጢ ንምቅልጣፍ ምቹእ ዕድል ዝፈጥር’ዩ። ስለ ዝኾነ ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ንህዝቢ ኤርትራ ብስሙር ራእዩ ከለዓዕልን፡ ኣብ ኣህጉራዊ ማሕበረ-ሰብ ብስሙር ራእዩ ክቐርብን ይግብኦ። ብመንገዲ ዑደትን ንህዝቢ ኤርትራ ዘገድሱ ጉዳያት ቀዳምነት ዝሓቁፍ መዘክራት ምጽሓፍን ዲፕሎማስያዊ ዕዮ ንምድማዕ ምጽዓር። ከምኡ’ውን ኣብ ትሕቲ ህልዊ ግዛኢ ዲክታቶርያዊ ስርዓትን ብድሕሪኡን ክኽሰት ዝኽእል ጉዳይ ምግማትን፡ ኣብ ኩሉ-መዳያት ኣንፈት ኣገባጥማኡ ምንጻርን። ዞባውን ኣህጉራውን ማሕበረ-ሰብ፡ ንህዝቢ ኤርትራ መሰጋገሪ መድረኽ  ብሰላማዊ መንገዲ ስግግር ስልጣን ከዐውትን፡ ኣብ ብዝሐ-ሰልፍታት ዝተመስረተ ዲሞክራስያዊ ስርዓት ንምትካልን ንክሕግዝዎ ክዳለዉ ምጽዓር።
ሕቶ፦ ኣብ መወዳእታ ሓምለ ንዝካየድ ሃገራዊ ዋዕላ ብኣገዳስነቱን፡ ወቕቱን፡ ዕላማኡን፡ ከመይ ትርእዮ?
መልሲ፦ ኣብ ኣገዳስነትን ኣድላይነትን ዋዕላ ፍልልይ የልቦን። ኩሉ ከተኩረሉ ዝግቦኦ ከመይነት ተዓዋትነቱ’ዩ። ኣብዚ እዋን’ዚ ኩነታት ህዝብና ዝኾነ ግጉይ ግምት ስለዘይጻወርን፡ ካብ ዝተናወሐ ብረታዊ ቃልሲ ህዝብና ንንጀው ዋዕላ ኣብ ኤርትራዊ ፖለቲካ ቀዳማይ ተሞኩሮ ብምዃኑን’ዩ። ፖለቲካውን በርጌሳውን ሓይልታት ብዛዕባ ዋዕላ ክሽከሞ ዝኽእል ጉዳያት ክሰማምዑ ይግባእ። ኣብዚ እዋን’ዚ ናይ ህዝብና እዋናዊ ጉዳያት ቅድሚ ኩሉ ብምቕዳም፡ ኩላህና ካብ ሕድ-ሕድ ሽርሕታትን ቅርሕንትታትን ግብረ-መልስታትን ተናጊፍና፡ ውሽጣዊ ሓድነትና ኣትሪርና፡ ንምዕዛዝን ኣድማዕነትን ኪዳን ክንብገስ ይህልወና። ኣብዚ ታሪኻዊ ኣገዳሲ መዓጽፎን ሓደገኛን መድረኽ’ዚ፡ ፖለቲካውን በርጌሳውን ህዝብን ከከም ግደታቶም ሃገራዊ ሓላፍነቶም ክስከሙ ኣሎዎም። ዋዕላ፡ ሓዲሽ ተሞኩሮ ከም ምዃኑ መጠንን፡ ጽበት ግዜ ስለ ዘሎን፡ ካልእ ረቋሕታትን፡ ነቶም ኩሎም ዝገጥሙና ዘሎዉ ብድሆታት ክምልሽ ኣይክእልን’ዩ። ስለዚ ፖለቲካውን በርጌሳውን ምሁራትን ተሳተፍቲ ሃገራዊ ሓይልታት ብስነ-ፍልጠታውን ወድዓውን መንገዲ ኣብ ዋዕላ ዝቐርቡ ጉዳያት ሃገራዊ ቀዳምነታት ክነጽሩ ይህልዎም።
ብወገና፡ ኣብ ኩሉ መዳያት ቃልሲ ጸረ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ኩሉ ሃገራዊ ዓቕሚታት ምጥርናፍን፡ ግጉይ ፖሊሲ ስርዓት ህግደፍ ፈጢርዎ ዘሎ ብድሆታትን ኣብ ልዕሊ ሓድነት ህዝብና ኣስዒብዎ ዘሎ ሓደጋታት ምንጻርን፡ ናይ ህዝብና መሰላትን

ሓድነትን ሃገራውነትን ብዝሕልው መገዲ ከመይነት ኣገጣጥማኡ ምስኣልን ይረኣየና። ምእንቲ'ዚ ድማ ቻርተር ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ዝሰፈሐ ክፍልታት ህዝብና ዝተሰማማዓሉ ንክኸውን ሰረት ሱታፌ ምስፋሕ የድሊ። ከምኡ'ውን ኣብ ሞንጎ ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳንን በርጌሳዊ ማሕበራትን ኣሊያታት (መካኒዝም) ምውህሃድ ምቋም። ብዛዕባ ህልዊ ሽግራት ዓሚቕን ዝርዝርን መጽናዕትታት ምግባርን ኣድላዪ ፍታሓት ምቕማጥን።

ኣብ መወዳእታ ተሕልፎ መልእኽቲ እንታይ ኣሎ?

ናብ ተቓለስቲ ሃገራዊ ሓይልታት ዘመሓላልፎ መልእኽቲ፡ ከም ፖለቲካዊ ሓይልታት ካብ ጸቢብ ውድባዊ ጉልባብ ንምንጋፍን፡ ክእለታትናን ዓቕሚታትናን ንምጥርናፍን ክንዓዪ ኣሎና። ካብ ሽርሕታትን ዘይመሰረታዊ ግርጭታትን ዝረሓቐ ለባም ኣቀራርባን ኣካይዳን ክንክተል ኣገዳሲ'ዩ። ግዜ ከይሓለፈ ኩሎም ወገናት ነዚ ወሳኒ ታሪኻዊ ህሞት'ዚ ብሓላፍነትን ተወፋይነትን ከም ዝሕዝዎ ዕግበት ኣሎኒ። እንተዳኣ ከምኡ ዘይጌርና ግን፡ ሃገርና መዘዙ ክግመት ንዘይካኣል ከቢድ ሓደጋታት ክሳጣሕ'ዩ።

በዚ ኣጋጣሚ'ዚ፡ ኣብዚ መድረኽ'ዚ ብዝኾነ ይኹን ምኽንያታት ምስ ስርዓት ህግደፍ ምትሕብባር ንዕድመ ሰልጣኑ ዘናውሕ ምኻኑ ብምርዳእ፡ ኣብ ወጻኢ ሃገራት ዝነብሩ ተቐማጦን ስደተኛታትን ኤርትራውያን፡ ንስርዓት ህግደፍ ዝህብዎ ዝኾነ ዓይነት ደገፍ ጠጠው ከብሉን፡ ውሳኔ እገዳ ብዝለዓለ ደረጃ ኣብ ጥቕሚ ቃልስና ንምውዓል ምስ ኣህጉራዊ ማሕበረሰብ ንምትሕብባርን እጽውዕ።

## ጉባኤ ዞባ ኤውሮጳ ግሃድኤ
## ብልዑል ድምቀት ተዛዚሙ፡

ኣብ መላእ ኤውሮጳ ዝርከቡ ኣባላት ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ ብዕለት 27 ለካቲት 2010 ዞባዊ ጉባኤ ግሃድኤ ኣብ ሃገረ-ጀርመን ከተማ ካስል ኣብ ዝርከብ ኣፍሪቃ ክለብ ኣዳራሽ ተኻይዱ ብድምቀት ምዝዛሙ ካብቲ ቦታ ጉባኤ (ከተማ ካስል) ዝተላእከልና ጸብጻብ ሓቢሩ።

ጉባኤ ዞባ ኤውሮጳ ግሃድኤ፡ ኣብ ዝተፍላለዩ ሃገራት ካብ ዝርከቡ ጨናፍር መሰረታት ውድብ ብደሞክራስያዊ ኣገባብ ተመሪጾም ብዝመጹ ወከልቲ መሰረታትን ኣባላት ማእከላይ ባይቶን ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ ዝተሳተፍዎ ምንባሩ እቲ ጸብጻብ ሓቢሩ።

ጉባኤ ዞባ ኤውሮጳ ናይ ስራሕ ጸብጻብ ብኣቦ መንበር ዞባ ብጻይ ነጋሽ ዑስማን ድሕሪ ምቕራብ፡ ኣብቲ ጉባኤ ክዝረበሎም ብዛዕባ ዝግባእ ጉዳያት ብዝርዝር ሰፊሕ ገምጋም ድሕሪ ምክያድ ኣብ ናይ ሓባር ተረድኦ መደምደምታ ከምዝተበጽሐን፡ ንዝመጽእ ክልተ ዓመታት ነቲ ዞባ እትመርሕ ዞባዊ መሪሕነት ብደሞክራስያዊ ኣገባብ መሪጹ፡ ከምኡ'ውን ንመጻኢ ክትግበሩ ዝግብኦም መደባት ብምስኣል ጉባኤ ዞባ ኤውሮጳ ብዓወት ምዝዛሙ ተሓቢሩ። ብተወሳኺ እቲ ጉባኤ ህዝብን ሃገርን ንምድሓን ሓድሽ ወነን መንፈስን ዘላዓዓለ ውዕዉዕ ጉባኤ ከም ዝነበረ እቲ ካብ ከተማ ካስል ዝመጸና ዜና ወሲኹ ሓቢሩ።

ኣብ ርእሲ እዚ ጉባኤ ዞባ ኤውሮጳ ነቲ ብጀጋኑ ኣሃዱታትና ምስ ዲሞክራስያዊ ውድብ ዓፋር ቀይሕ ባሕሪ ብምውህሃድ፡ ኣንጻር ስለያዊ መሓውር ህግደፍ ዝወሰድዎ ውሕሉል ናይ ምክልኻል ስጉምቲ ጉባኤ ዞባ ብኣድናቖት ከምዝተመልከቶን ኣብ ጎድኒ እዚ ተባዕ ሰራሒ ቅያ ደው ከም ዝብልን፡ ካብኡ ዝጥለብ ሓገዝ ከምዘበርክትን ጉባኤ ምርግጋጹ፡ እቲ ዝበጽሓና ዜና ሓቢሩ። ኮምኡ'ውን ሰፊሕ ዋዕላ ንደሞክራስያዊ ለውጢ ንምክያድ ብኣሰናዳኢት ሽማግለ ሰፊሕ ዋዕላ ንደሞክራስያዊ ለውጢ ዝመሓላለፉ ናይ ስራሕ መደባት ንምዕዋት ክረባረብ ምኻኑ ጉባኤ ዞባ ኤውሮጳ ግሃድኤ ምርግጋጹ ተሓቢሩ።

በዚ ድማ ጉባኤ ዞባ ኤውሮጳ ግሃድኤ ፍናን ብዝመልኦ መንፈስ ብዓወት ተዛዚሙ ክብል ካብ ሃገረ ጀርመን ከተማ ካስል ዝመጸና ሓበሬታ ኣረጋጊጹ።

## ጨንፈራዊ ጉባኤ ግሃድኤ
## ኣብ ጆዛን ብድምቀት ተሰላሲሉ፡

ብድሕሪ ዕዉት ቀዳማይ ጉባኤ ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ፡ ኣብ ሱዕዲ ዓረብ ጨንፈር ጆዛን፡ ናይ ጨንፈር ዳግመ ውደባ ንምክያድ ብተኸታታሊ ኣኼባታት ከተካይድ ጸኒሓ። ካብቲ ኣኼባታት ዝተመዘዘት ወዳቢት ኣካል ናይ ነባራትን ሓደስትን ኣባላት ምዝገባ ብምጽፋፍ፡ ናይ ጉጅለታት ዳግመ ስርርዕ ኣካይዳ። ጨንፈር ጆዛን ናብ ጨንፈራዊ ጉባኤ ንምምራሽ ጥጡሕ ኩነታት ኣንጺፋ። ንኣስታት ኣርባዕተ ኣዋርሕ ዝወሰደ መደባት ዳግመ ስርርዕ ድሕሪ ምዝዛሙ፡ ጉጅለታት ኣብ ጨንፈራዊ ጉባኤ ዘውክልኦም ኣባላት ብዲሞክራስያዊ ኣገባብ መሪጸን። ድሕሪ'ዚ ጨንፈር ጆዛን ብ12 መጋቢት 2010 ኣባል ማእከላይ ባይቶ ግሃድኤ ብ/ኣቡበከር ዓሊ ኣብ ዝተረኸበሉ ብስሩዕ ኣገባብ ዕዉት ጨንፈራዊ ጉባኤ ምክያዱ ካብቲ ቦታ ዝበጽሓና ጸብጻብ ሓቢሩ። እቲ ጸብጻብ ወሲኹ ከምዝሓበሮ ኩሉ ኣባል ጉባኤ፡ ውሳኔታት ቀዳማይ ጉባኤ ግንባር ሃገራዊ ድሐነት ኤርትራ ንምዕዋት ተወፋይነቱ ኣዛይዱ ክቃለስ ምኻኑ መብጻዓ ከምዝኣተወን፡ ኣብ ጎኒ ጅግና ሰራዊት ግሃድኤ ደው ከምዝብልን፡ ውድብ ካብ መሰረታት ጨንፈር ጆዛን ዝጠልቦ ደገፍ ንምብርካት ከይተቆጠበ ከወፊ ምኻኑን ምሕባሩ ተገሊጹ። ኣብ መወዳእታ ነታ ጨንፈር ጆዛን ትመርሕ 5 ዝኣባላታ መሪሕነት ጨንፈር ብዲሞክራስያዊ ኣገባብ ተመሪጾም ጨንፈራዊ ጉባኤ ጆዛን ብክብ ዝበለ ድምቀት ምዝዛሙ ዝበጽሓና ጸብጻብ ሓቢሩ።

ብካልእ ዜና ድማ፡ ኣቶ መሓመድ ዑመር ማሕሙድ ኤምባሲ ሃገረ ኤርትራ ኣብ ስዑዲያ ለይቲ ሓሙስ 11 መጋቢት 2010 ኣብ ጅዳ ኣብ ቀጽሪ ቆንስላ ኤርትራ ፍሹል ኣኼባ ከምዘካየደ ምንጭታት ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ ካብ ጅዳ ሓቢሮም። እቲ ኣኼባ፡ ኤርትራውያን ተቖማጦ ጅዳ ንስርዓት ህግደፍ ንምሕጋዝ ዝኸፍልዎ ገንዘብን፡ ኣገባብ ኣከፋፍልኡን ንምውሳን ዝዓለመ ከምዝነበረ፡ ኣብቲ ኣኼባ ዕሱባት ደለልትን ሰለይትን ህግደፍ ኣብ ጅዳ ህዝቢ ንምትላል፡ ማይክረፎን በብሓደ እናተበራረዩ፡ 5000 ሪያል፣ 1000 ሪያል፣ ናይ ሓደ ወርሒ ደሞዝ፣ ናይ ፍርቂ ወርሒ ደሞዝ ንኸፈል፡ ክብሉ ከምዘምሰዩን፡ ኣኼበኛታት ግና ህውተታ ህግደፍ ዓቐኑ ሓሊፉ ፊጊዕ ስለዝበሎም ደገፎም ተቓውሞ ከምዝነበረ ምንጭታትና ሓቢሮም።
ካብ ኣኼበኛታት ሓደ ምርር ዝበሎ ተሲኡ "ኣንቱም ከተምስሉ ክትዛረቡ ዝጸናሕኩምን ሰዓብትኹምን እቲ ንኸፈል ክትብልዎ ዝጸናሕኩም ዓቕምኹም ስለዝኾነ ክፈልዎ። ኣብዚ ዘሎ መብዛሕትኡ ስራሕ ዘይብሉ'ዩ። ኣብ ርእሲኡ ድማ ንመንግስቲ ምድጋፍ ጥራይ ዘይኮነስ፡ ዝተደራረበ ስድራቤታዊ ሓላፍነታት ዘሎዎ'ዩ። መብዛሕትና ነቲ ክትጠቕስዎ ዝጸናሕኩም ንምኽፋል ዓቕሚ የብልናን። ከምቲ ኣብ ሪያድ ዝተገብረ፡ ኣብ ርእሲ'ቲ ክልተ ሚኢታዊ፡ ሓደ ሚኢታዊ ተወሲኹ 3% ንምኽፋል (2% +1% = 3%) ንጽዓር" ዝብል ርእይቶ ኣቕረበ። ህዝቢ ኣጣቒዕሉ። ምኽፋል ዘይተርፎ ኣስገዳድ ስለዝኾነ ነቲ 3% ተቐበለ። ኣምባሳደር ማሕሙድ ኣይተሓጎሰን። ገጹ ጸለሎ ተኸዲኑ። ነቶም ዕሱባትን ሰለይትን "ኣብ ህዝቢ ገዛ-ገዛ ኬድና ጽዑቕ ጎስጓስ ኣካይድና፡ ካብ ናይ ሓደ ወርሒ ደሞዝ ንላዕሊ ንምኽፋል ህዝቢ ተዳልዩ ኣሎ ክትብሉኒ ዶ ኣይጸናሕኩምን?" ኢሉ ብሕርቃን ከም ዘጉባዕባዓሎም ምንጭታትና ኣረጋጊጾም። ኤምባሲ ንሰለይቱ ብኸምዚ ሓሪቑ ክዛረቦም ንመጀመርታ ግዜ ብምዃኑ፡ ተዓዚብቲ እዚ ተርእዮ'ዚ ምልክት ሕድ-ሕድ ምብልላዕ ሰራሕተኛታት (ሙዋዛፊን) ኤምባሲ ሃገረ ኤርትራ ምዃኑ ይገልጽዎ ከምዘለዉ ምንጭታት ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ ካብ ጅዳ ጸብጺቦም።

## ዜናዊ ጸብጻብ
## ሓፈሻዊ ኣኼባ ሎንዶን:

ብግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ ጨንፈር ዓባይ ብሪጣንያ ዝተጸወዐ ሰፊሕን ኣገዳስን ህዝባዊ ኣኼባ ብዕለት 13 መጋቢት 2010 ኣብ ከተማ ሎንዶን ተኻይዱ። ኣብቲ ዝተኻየደ ኣኼባ ብዙሓት ሃገራውያን ባእታታት፡ ኣባላት ተቓወምቲ ውድባትን ሰልፍታትን ወከልቲ በርጌሳውያን ማሕበራትን ከም ዝተሳተፉ ካብ'ቲ ቦታ ዝበጽሓና ዜና ኣረጋጊጹ።

ኣብ'ቲ መኽፈቲ ዕለተ ኣኼባ፡ ብጻይ ሓሰን ኢብራሂም ሓላፊ ህዝባዊ ውደባ ጨንፈር ዓባይ ብርጣንያ ንተሳተፍቲ ናይ እንቋዕ ድሓን መጻእኩም ቃል ድሕሪ ምቕራብን እቲ ኣኼባ ክዛተየሎም ተቐሪቡ ዘሎ ዛዕባታትን ኣመልኪቱ ንኣኼበኛታት ድሕሪ ምሕባር፡ መድረኽ ንኣባላት ማእከላይ ባይቶ ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ ብጾት ዑቕባዝጊ ድቡስን ጸገዘኣብ የውሃንስን ከምኡ'ውን ብጻይ ነጋሽ ዑስማን ኣቦ መንበር ዞባ ኤውሮጳን ኣመሓላለፈ።

ብጾት ኣባላት ማእከላይ ባይቶ ግሃድኤ፡ ብወገኖም መድረኽ ተረኪቦም ብዛዕባ'ቲ ኣብ ወርሒ ጥቅምቲ 2009 ዝተኻየደን ብድሙቕ ዓወት ዝተዛዘመን ቀዳማይ ጉባኤ ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ (ግሃድኤ)ን ዘመሓላለፎም ውድባውን ሃገራውን ውሳኔታት ኣመልኪቶም ብዝርዝር ሰፊሕ መግለጺ ኣቕሪቦም። ጉባኤ ንዝመጽእ ሰለስተ ዓመታት ውድብ ክምሓደረሉ ዝግባእ መደብ ስራሕ ከም ዝቐረጸን ንስራሓት ውድብ ናብ ተግባር ንምልዋጥ መሪሕነታዊ ናይ ስራሕ ምክፍፋል ከም ዝገበረን ኣባላት ማእከላይ ባይቶ ግሃድኤ ኣብሪሆም።

ከምኡ'ውን ቀዳማይ ጉባኤ ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ፡ ስራሓትን ንጥፈታትን ጀጋኑ ዕጡቕ ኣሃዱታት ግሃድኤ ድሕሪ ምግምጋም፡ ኣሃዱታትና ንነብሶም እንዳ ተኸላኸሉ ናይ ምንቕቓሕ መደባቶም ብውሕሉል ኣገባብ የሰላስሉ ብምህላዎምን፡ ኮምኡ'ውን ከርፋሕ ናብራ መሪርዎምን ሓሲምዎምን ዶብ ሰጊሮም መዓልታዊ ናብ ስደት ንዝውሕዙ ዘለዉ ውጹዓት ዜጋታትና ካብ ስቓይን መርሸንት ስለያ ስርዓት ህግደፍ ንምክልኻል ዘካይድዎ ዘለዉ በርቃዊ ስርሒታት ኣመጕሱ ክብሉ ብጾት ኣባላት ማእከላይ ባይቶ ግሃድኤ ከምዝገለጹ ተሓቢሩ።

ኣባላት ማእከላይ ባይቶ ግሃድኤ፡ ቀዳማይ ውድባዊ ጉባኤ ግሃድኤ ኣብ መንጎ መሓዙት ውድባት ኣባላት ኪዳን ንዘሎ ሰናይ ምውህሃድ ኣድናቖቱ ድሕሪ ምግላጽ፡ ውህደት ኩሎም ወተሃደራዊ ክንፍታት ምርግጋጽ ኣድላይነቱ ኣዝዩ ዕዙዝ ምዃኑ ርእዩ ክብሉ ገሊጾም። ንስርዓት ህግደፍ ዘገልግል ዘሎ ሰራዊት ድማ ኣብ ጐድኒ ህዝቡ ጠጠው ብምባል ንምልካዊ ስርዓት ህግደፍ ራሕሪሑ፡ ኣካል ናይ ለውጢ ሓይሊ ንክኸውን ቀዳማይ ጉባኤ ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ መጸዋዕታ ከምዘቕረበን፡ ነቲ ኣብ ምብራቓዊ ኣከለጉዛይ ብኣባላት ሰራዊት ናይቲ ስርዓት ነበር ዝካየድ ዘሎ ዘይሕለል ናይ ተቓውሞ ናዕቢ ብምድጋፍን ብምትብባዕን ኣብ ካልኦት ክፍልታት ሰራዊት'ውን ተመሳሳሊ መርገጽ ክወስዱን፡ ነቶም ዝቃወሙ ዘለዉ ብጾቶም ድማ ተደላዪ ሓገዝ ክግበረሎም ቀዳማይ ጉባኤ ግሃድኤ ጻዊዒት ከም ዘቕረበ ኣዘኻኺሮም።

ብጾት ኣባላት ማእከላይ ባይቶ ግሃድኤ፡ ብዛዕባ ዘይሕጋዊ ውሳኔታት ጉጅለ ህግደፍ ብዝምልከት፡ ቀዳማይ ውድባዊ ጉባኤ ግሃድኤ ንጹር መርገጽ ከም ዝወሰደን ንምስራዙ ከይተሓለለ ክቃለስ ከም ዝወሰነን ኣረጋጊጾም። ንኣብነት ሕቶ መሬት ብዝምልከት፡ ኣብ ኤርትራ ዋና ዘይብሉ ባዶ መሬት ከም ዘየለን፣ መሬት ምውናን (ዘይስገር) ዘይገሃስ መሰል ዋናታቱ ምዃኑ ምርግጋጽን፡ ኣብ ዲሞክራስያዊ ስርዓት ንህዝባዊ ኣገልግሎት ዝውዕል መሬት ድማ ካሕሳ (ኣምሳያ) ክወሃብ ከም ዝግባእ ጉባኤ ግሃድኤ ካብ'ቶም ብዕምቆት ዝረኣዮም ጉዳያት ከም ዝነበሩ ሓቢሮም።

ኣባላት ማእከላይ ባይቶ ግሃድኤ፡ ኤርትራዊ ዲሞክራሲያዊ ኪዳን ኣገዳሲ ኤርትራዊ ፖለቲካዊ ሃገራዊ ጽላል ተቓውሞ ስለ ዝኾነ ንምምዕባሉን ኣብ ኩሉ መዳያት ናይ ቃልሲ ግደታቱ ንምዕዛዝን ምዕያይ መተካእታ ዘይብሉ ጉዳይ ምዃኑ ነቕ ዘይብል መትከላዊ መርገጽ ግሃድኤ ምዃኑ ቀዳማይ ጉባኤ ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ ከም ዘስመረሉ ግልጺ ገይሮም። ብተወሳኺ ኪዳን ኣብ ዞባውን ኣህጉራውን መዳያት ኣብ ኤርትራዊ ለውጢ ከም ኣዎንታዊ ስጉምቲ ብምውሳድ ናብ ዓወት ዘብጽሕ ስራሕ ከካይድ ከም ዝግባእን ኪዳን ቀዳማይን ቀንድን ተጣባቓይ ኤርትራ ክኸውን ምጽዓርን፡ ኣብ ዞባውን ኣህጉራውን ክልታት ናብ ዘይስገር ወይ ዘይንዓቕ ብርኪ ንምብራኹ ሓላፍነት ናይ ኩለን ውድባት ኣባላት ኪዳንን በርጌሳውያን ማሕበራትን ምዃኑ ገሊጾም።

ኣብቲ ኣኼባ፡ ኣብ ኪዳን ይኹን ወጻኢ ካብኡ ንዘሎ ሓይሊ ተቓውሞ ክጥርነፍን ብሓባር ክሰርሕን ንምግባር፡ ተደላይነት ዋዕላ ኣዚዩ ዕዙዝ ምዃኑን፡ ተተሊሙ ዘሎ መደባት ዋዕላ ንደሞክራሲያዊ ለውጢ ንምዕዋት ድማ ናይ ኩሎም ሃገራውያን ሓይልታት ኣበርክቶን ጻዕርን ከም ዝሓትት ብኣባላት ማእከላይ ባይቶ ግሃድኤ ሰፊሕ መብርሂ ከምዝቐረበን ከምዝተዘተየሉን ዝበጽሓና ጸብጻብ ኣረጋጊጹ።

ብዛዕባ ስደተኛታት ብዝምልከት፡ ኣረኣእያ ህግደፍ ኣብ ስደት ዝነብሩ ኤርትራውያን ኣዝዩ ኣሰካፊ ምዃኑን፡ ነቶም ኣብ ማእከላይ ምብራቕ፡ ኤውሮጳ፡ ኣመሪካ፡ ካናዳ ከምኡ'ውን ኣብ ኣውስትራሊያ ዝነብሩ ምንጪ ናይ እቶቱ ገይሩ ይወስዶምን፡ ንዓዲ ተመሊሶም ክጣየሱ ድማ ከም ዝጸረር ዝሓለፈ ተመክሮ ዘብርሆ ሓቂ ምዃኑ ተገሊጹ።

ነቶም ኣብ ሱዳን ይኹን ኢትዮጵያ ከምኡ'ውን ኣብ የመን ዘለዉ ብዙሕ ዕንቅፋት ብምፍጣር ንዓዶም ተመሊሶም ክጣየሱ ኣየተባብዕን እዩ። ብዘይካ'ቲ ግምታዊ ሚዛኑ ዝሓዘ ፖለቲካዊ ጸላእቲ ዝርእዮም፡ ኣብ ምጥያሶም ወጻኢ ዝሓትት ምዃኑ ስለ ዝርኢ ንዓዶም ክምለሱ ይጸረሮም። መርገጽ ስርዓት ህግደፍ እዚ ስለ ዝኾነ፡ ኤርትራውያን ስደተኛታት ድማ ኣዚዩ ሕሱም ህይወት የሕልፉ ብምህላዎም፡ ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ፡ ምስ ኩሎም ኣብ ኪዳን ተጠርኒፎም ዘለዉ ውድባትን ሰልፍታትን ከምኡ'ውን ኩሎም በርጌሳውያን ማሕበራትን ብምትሕብባር፡ ንጉዳይ ኤርትራውያን ስደተኛታት ኣቓልቦ ክንገብረሉን፡ ገበርቲ ሰናይ ዝኾና ማሕበራት ከኣ ኣቓልቦ ክገብራሉም ክንጽዕር ከም ዘለናን መሪሕነት ውድብ ግሃድኤ ድማ ብዕቱብነት ካብ'ቶም ክሰርሓሎም ዝግባእ ጉዳያት ምዃኖም ቀዳማይ ጉባኤ ግሃድኤ ውሳኔ ከም ዘመሓላለፈ ኣባላት ማእከላይ ባይቶ ግሃድኤ ገሊጾም።

ኣባላት ማእከላይ ባይቶ ግሃድኤ፡ ብዛዕባ እገዳ (ዕቃበ) ብዝምልከት፡ እገዳ ንኽግበር ትምኒትና ኣይኮነን፡ ሃገርና ክሳብ ክንድዚ ክትዋረድን ክትድፈርን ድልየትና ኣይኮነን። እዚ ጽያፉ ዘይከተተ ስርዓት ህግደፍ ድማ ሓላፍነት ይወስድ። ባዕሉ ብተግባሩ ዝዓደሞ ምዃኑ ፍሉጥ እዩ። ንህዝብና ዘይውክል ተግባራት ክሰርሕ ከሎ ካብ ፈለማ ዘመልከትናዮ ጉዳይ ሎሚ ቅኑዕ ምዃኑ ብዘየማትእ መልክዑ ተረጋጊጹ እዩ። ብቐደሙ'ውን እዚ ስርዓት'ዚ ንህዝብና ወኪሉ ኣይፈልጥን። ህዝብና ኣብ ሰላምን ውግእን ውሳኔ ተሳቲፉ ኣይፈልጥን። ግን ከኣ መስዋእቲ ዝኸፍል ህዝብና ባዕሉ እዩ። ስለ'ዚ ንሕና ከም ተቓውሞ ክንገብሮ ዝግባእ፡-

- ናይ ኩሎም ተቓወምቲ (ፖለቲካዊ ውድባትን በርጌሳዊ ማሕበራትን) ስጡም ናይ ስራሕ መደብ ሰሪዕና ናይ ሓባር ርእይቶ ብምህናጽ ናይ ሓባር ተረድኦ ሒዝና ናብ ናይ ዓለም መጋባእያታት እንተቐረብና ከነድምዕ ንኽእል።
- ህግደፍ ዝገብሮ ዝነበረ ምንቅስቓስ ብመጠኑ ክግታእ ስለ ዝኾነ፡ ነዚ ተጠቒምና ነቲ ብምፍርራሕ ዝጸልዎ ዝነበረ ኣካል ህዝብና ናብ ደምበ ተቓዋሚ ክንስሕቦ ንኽእል። ብተወሳኺ ንዘሃዳ ተጠራጠርቲ ውሕስነት ዝህብ ምንቅስቓስ ክንገብር ዕድል ንረክብ። ብእኡ ገርና ድማ ህዝባዊ ሞራልን ወነን ቃልሲ ነበራብር ክብሉ ኣባላት ማእከላይ ባይቶ ግሃድኤ ብዕምቆት ከምዘብርሁ ካብ ሎንዶን ዝበጽሓና ጸብጻብ ሓቢሩ ።

ኣብ መደመደምታ ኣኼባ፡ ካብ ተሳተፍቲ ንዝቐረበ ሃናጺ ሓሳባትን ርእይቶታትን ከምኡ'ውን ለበዋታትን ድሕሪ ምስማዕን፡ ንዝቐረበ ሕቶታት ኣዕጋቢ መልስታታ ድሕሪ ምሃብን፡ ኣኼባ ብዓወት ከም ዝተዛዘመ ካብ ሎንዶን ዝበጽሓና ሓበሬታ ኣረጋጊጹ።

## ኣይፋል ንህግደፍ!!
## ኤርትራውያን ተቐማጦ ሪያድ!

ንመጀመርያ ግዜ ኣብ ታሪኽ ነበርቲ ከተማ ሪያድ ዝኾኑ ኤርትራውያን ብዕለት 26 ለካቲት 2010 ኣብ ውሽጢ ማሕበረ-ኮም ሪያድ ንዝተኻየደ ሓፈሻዊ ናይ ህዝቢ ኣኼባ ተቐማጦ ሪያድ ብግልጺ፡ ንስርዓት ህግደፍ ኣይፋል ክብልዎ ከምዝበቕዑ ምንጭታት ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ ካብ ከተማ ሪያድ ሓቢሮም።

ምንጭታትና ከምዘረጋገጽዎ እቲ ኣኼባ ከምቲ ልሙድ ነቲ ለዋህ ህዝብና ብናይ ዝተፈላለዩ ምስምሳት ኣሳቢቦም ናይ ወፈያ ገንዘብ ምግሓጥ ዝለመዱ፡ ሎሚ'ውን ናይ ጸረ እገዳ መኸተ ኣመኽኒና ክንሓልቦ ኢና ካብ ዝብል ተበጊሶም ዕሱባት ዋህዮታቶም ኣብቲ ውሽጢ ኣኼባ ብምውፋር ናይ ሓሶት ወፈራ'ኳ እንተካየዱ ኣይሰለጦምን። ብኣንጻሩ ህግደፋውያን ዘይተጸበይዎ ረኺቦም። ኤርትራዊ ተቐማጣይ ሪያድ ውዲታቶም ኣፍሺሉ ባዕሉ ዝኣመነሉን ዝውስኖን ወፈያ ክውስን በቒዑ።
ኣብቲ ዝተጸወዐ ኣኼባ ኮራኹር ህግደፍ እቲ ናይ ፈወያ ኣርእስቲ ምስ ተላዕለ ሓለይቲ ክመስሉ ተቐዳዲሞም ከምዚ ዝስዕብ ሓሳባት ኣቕረቡ፡-

1- ሙሉእ መሃያ፡
2- 100 ዶላር፡
3- 1000 ሪያል፡

ብምቕጻል ኣምባሳደር ኤርትራ ኣብ ሪያድ፡ ካብ ጉርሕን ሸርሕን ተላዒሉ "በሉ ብዙሕ ርእይቶታት ቀሪቡ ስለዘሎ ኣነ ብወገነይ እቲ ዝሓሸ ዝብሎ፡ እዚ ጉዳይ ንጎይቶኦም ናይ ማሕበረ ኮም ሓላፊ ክንገድፈሉ ንሱ ከኣ ሓንቲ ኮሚቴ ኣቑሙ እቲ ዝሓሸ እዩ ዝበልዎ ክውስኑ" ምስ በለ ኣብቲ ኣኼባ ዝነበረ ተሳታፊ ብምሉኡ ብቕጽበት ኮነኖ። "ሎሚ ኢና ባዕልና ንውስን" ዝብል ሓያል ተቓውሞ ኣስምዐ። ስዒቡ ኣብ ርእይቶኡ ምስ ደረቀ በቲ ኣኼበኛ ክውሰን ከኣ ግድን ኮነ። ሓደ ካብቲ ቅድሚ ሕጂ ተራእዩ ዘይፈልጥ ሓዲሽ ናይ ይኣክል 'ኣይፋል' ተርእዮ ብዙሓት ለባማትን ዓበይቲ ሰባትን ብዙሕ ቁምነገር ሓዘል ትሕዝቶ ዘሎዎ ርእይቶታቶም ብትብዓት ክገልጹ ምኽኣሎም ዝዓበየ ተርእዮ ምንባሩ ምንጭታት ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ ካብቲ ውዕሎ ጸብጺቦም።

ካብቶም ዝቐረቡ ርእይቶታት "ንሕና ካብ ግዜ ሰውራ ኤርትራ ኣትሒዝና፡ ድሕሪኡ'ውን ንኣስታት 20 ዓመታት ድሕሪ ነጻነት ኣብ ጎኒ መንግስትናን ህዝብናን ደው ብምባል ኩሉ ዓቕምና ዘፍቅዶ ወፈያታት ይኹን ደገፋት ካብ ምሃብ ዘይተቆጠብና ንመንግስትና'ውን ኣሕሊፍና ዘይሃብና ምዃንና ምስክርነት ዘየድሊዮ ሓቂ እዩ። እተን ናይ መጀመርታ 10 ዓመታት ሃገር ባዶ እያ ጸኒሓቶም ዕድል ንሃቦም እናበልና ብተስፋ ሰጊርናየን ድሕሪኡ መንግስትና ኣብ ኣድላይነቱ ዘይተነጸረ፡ ዘየድሊ ውግእን ወረ ውግእን ድሕሪ ምእታዉ ብዙሕ ዘይተጸበናዮ ሽግራት ከጋጥመና ድሕሪ ምጽንሑ ብፍላይ እዘን ናይ መጨረሻ 5 ዓመታት መንግስትና ንዓና ዘይሓስብ ኮይኑ ረኺብናዮ ብኣዝዩ ድንግርግር ዝበለ ኣካይዳ ህዝብናን ሃገርናን ኣብ ዘይተኣደነ ሕሰም-መከራ ክሳጣሕ ተዓዚብና" ዝብል ሓሳባቶም ድሕሪ ምግላጽ "ሎሚ ግን እቲ ዝስላዕ ወፈያ ገንዘብ ነቲ ዘለና ናይ መነባብሮ ክብሪ ይኹን ዘጓንፈና ዘሎ ጸገማት ኣብ ግምት ዘእተወ ዳኣ ክኸውን ኣለዎ እምበር ምሉእ መሃያ ዶ፡ 1000 ሪያል፡ ወላ'ውን 100 ዶላር፡ ንዝተባህለ ዝኸውን ዓቕሚ ስለዘይብልና ሓደ ካብ ሚእቲ 1%፡ ካብ መሃያ ኣብ ዝብል ርእይቶ ንሰማማዕ" ብማለት እቲ 2% ዝብል ዝነበረ ክፍሊት ናብ 3% ሓፍ ኢሉ ንክልተ ዓመታት ክቕጽል ከምዝወሰኑ ምንጭታት ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ ካብ ሪያድ ሓቢሮም።

## ጨንፈር ሽወደን ግሃድኤ
## 3ይ ጉባኤኡ ብዓወት ዛዚሙ፡

"ዓወትና ማዕረ ቃልስና" ኣብ ትሕቲ ዝብል ጭርሖ፡ ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ ጨንፈር ሽወደን 3ይ ጨንፈራዊ ጉባኤኡ ብዕለት 20 መጋቢት 2010 ኣብ ከተማ ስቶክሆልም ተጋቢኡ ብልዑል ድምቀት ከምዝተዛዘመን ኣብቲ ጉባኤ ክልተ ብጾት ኣባላት ማእከላይ ባይቶ ግሃድኤን ኣቦ መንበር ዞባ ኤውሮጳን ከምኡ'ውን ደገፍቲ ውድብና ዝኾኑ ተቓለስቲ ሃገራውያንን ከም ዝተሳተፉ ካብ ስቶክሆልም ዝበጽሓንና ዜና ሓቢሩ።

ጨንፈራዊ ጉባኤ፡ ብቃል ኣቦ መንበር ጨንፈር ሽወደን ግሃድኤ ተኸፊቱ። ድሒሩ ወኪል ሽወደናዊ ማሕበር "ሰንሶስ" ብዛዕባ ኣቃውማን ኣካይዳን ማሕበራት፡ ከምኡ'ውን ከም ሽወደናውያን ዜጋታት ንጡፋት ኣካል ሕብረተሰብ ክኾኑ ከም ዝግብኦምን ሃገረ ሽወደን ድማ ንዝተፈላለየ መበቆል ንዘለዎም ዜጋታቱ ዝኸፍቶ ዕድላትን ጸጋታትን ብግቡእ ክጥቀምሉ ከም ዝግባእን ሰፊሕ ኣስተምህሮ ምቕራቡ ተገሊጹ።

ቀጺሉ ኣቦ መንበር ዞባ ኤውሮጳ፡ ብደረጃ ሃገርን ውድብን ዘሎ ፖለቲካዊ ምዕባሌታት ኣመልኪቱ ሰፊሕ መግለጺ ከምዝሃበ፡ ብተወሳኺ ኣብ ዞባ ኤውሮጳ ዝካየድ ዘሎ ህርኩት ውድባዊ ንጥፈታትን፡ ኣባላት ግሃድኤ ውድቦም ንምሕያል ዘርእይዎ ዘለዉ

ዘይሕለል ተወፋይነትን ኣስተዋጽኦን ዝናኣድ ምኳኑ ንጉባኤኛታት ከምዝሓበረን ዕዉት ጉባኤ ንክኾነሎም ድማ ብስም ሽማግለ ዞባ ኤውሮጳ ግሃድኤ ሰናይ ምንዮቱ ከምዝገለጸሎምን እቲ ዝበጽሓና ጸብጻብ ሓቢሩ።

ብምቕጻል፡ ጉባኤኛታት ብሽማግለ ጨንፈር ዝቐረበ ንኩሉ መዳያዊ ንጥፈታት ጨንፈር ዝሸፈነ ጸብጻብ ብዕምቆት ድሕሪ ምክታዕ ከምዘጽደቑ፡ ኣብ ዝሓለፈ መድረኽ ዝተመዝገበ ዓወታትን ዝተራእዩ ሕጽረታትን ወድዓዊ ገምጋም ብምክያድ፡ ናይ መጻኢ መደብ ዕዮ ከምዝተለሙን ንምትግባሩ ድማ ኣበርቲዖም ብተወፋይነት ክሰርሑ ምኳኖምን ኣረጋጊጾም ክብል እቲ ጸብጻብ ሓቢሩ።

ጉባኤኛታት፡ ቀዳማይ ውድባዊ ጉባኤ ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ (ግሃድኤ) ብዓወት ምዝዛሙን፡ ኣብ ኩሉ ጽፍሕታት ዝርከቡ ትካላት ውድብ ከኣ ህይወት ሰኺዑ፡ ንጡፍ ምንቅስቓስ የካይድ ብምህላዉ ሞጎሶም ብምግላጽ፡ እጃም ጨንፈር ሽወደን፡ ከም ወትሩ፡ ልሉይን ኣድማዕን ንክኸውን፡ ቃል ኣትዮም ክብል እቲ ዝበጽሓንና ዜና ሓቢሩ። ከምኡ'ውን ተቓውሞ ደንበ ንምሕያል፡ ግሃድኤ ዝጻወቶ ዘሎ ግደ ንምዕዛዝ ካብ ጨንፈር ሽወደን ዝሕተት ኣስተዋጽኦ ንምፍጻም ጉባኤኛታት ቃሎም ኣሓዲሶም ክብል እቲ ዜና ብተወሳኺ ሓቢሩ። ኣብ'ዚ መዳይ'ዚ ተራ ጨንፈር ግሃድኤ፡ ኣብ ጨንፈር ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳንን ጽላል ውድባትን በርጌሳውያን ማሕበራትን ንምሕያሉ ቁሩባት ኢና ክብሉ ጉባኤኛታት ከምዘረጋገጹ ተሓቢሩ።

ሳልሳይ ጉባኤ ጨንፈር ሽወደን፡ ዕጡቕ ኣሃዱታት ግሃድኤ፡ ኣንጻር ጉጅለ ስለያ ህግደፍ ዘካይድዎ ዘለዉ ጅግንነታዊ ስርሒታት ብምምጓስን ምስ ኣሃዱታት ማሓዙት ውድባት ዘሎ ምውህሃድ ኣድናቖቱ ከምዝገለጸ፡ ኣብ'ዚ መዳይ'ዚ ንወፈያታት ዝምልከት ካብ መሪሕነት ዝወረደ ዘዋሪ መልእኽቲ ንምትግባር፡ ጉባኤኛታት ብርክት ዝበለ ወፈያ ከም ዝገበሩ፡ ካብ ስቶክሆልም ዘምጸንና ሓበሬታ ኣረጋጊጹ።

ጉባኤኛታት፡ ንስውእ ጅግና ሓርበኛ ኢዮብ ብስራት፡ ናይ ቃልሲ መምህሮምን መራሒኦምን ንመጀመርታ ግዜ ኣብ ጉባኤ ምስኦም ዘይምስታፉ ዓቢ ኪሳራ ምኳኑ'ኳ መሪር ሓዘን እንተተሰመዖም፡ ንሱ ዝሓደገሎም ውርሻ ቃልሲ ኣጽኒዖም ክሕዙ ምኳኖምን ክሳብ ዕለተ መስዋእቱ ዝተቓለሰሎም ዕላማታት ክሳብ ዝረጋገጹ ቃልሶም ብትብዓትን ተወፋይነትን ክቕጽልዎ ምኳኖም ቃሎም ከምዘሐደሱ እቲ ዝበጽሓና ጸብጻብ ሓቢሩ።

ኣብ መደምደምታ፡ ኣገዳሲ ውሳኔታትን ለበዋታትን ድሕሪ ምሕላፍ፡ ክሳብ ዝመጽእ ጉባኤ ጨንፈር ትመርሕ 4ተ ቀወምትን 1ደ ተጠባባቕን ዝኣባላታ ሽማግለን፡ ከምኡ'ውን ተቐጻጻሪ ጨንፈርን ብምምራጽ፡ ጨንፈራዊ ጉባኤ ግሃድኤ ኣብ ሽወደን ስራሓቱ ብዓወት ከም ዝዛዘመ ካብ ከተማ ስቶክሆልም ዝበጽሓና ጸብጻብ ኣረጋጊጹ።

## ሓላፊ ቤት ጽሕፈት ዝምድናታት ወጻኢ ግሃድኤ
## ኣብ ስዊዘርላንድ ዕዉት ናይ ስራሕ ዑደት ኣካይዱ፡

ብጻይ ዶር. ዩሱፍ ብርሃኑ ኣባል ፈጻሚ ኣካልን ሓላፊ ቤት ጽሕፈት ወጻኢ ዝምድናታትን ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ፡ ካብ ዕለት 25-29 መጋቢት 2010 ኣብ ሃገረ ስዊዘርላንድ ዕዉት ናይ ስራሕ ዑደት ከምዘካየደ ካብ ጀኔቫ ዝበጽሓንና ጸብጻብ ሓቢሩ።

ኣብቲ ን5 መዓልቲ ብተኸታታሊ ዝቐጸለ ርክባት፡ ብጻይ ዶር. ዩሱፍ ብርሃኑ ውዕሎ ፈላሚ ዑደቱ ዕለት 25 መጋቢት 2010፡ ምስ መንግስታውን ዘይመንግስታውን ትካላትን ከምኡ'ውን ምስ ዝተፈላለዩ ናይ ስዊስ ፖለቲካዊ ሰልፍታትን ተራኺቡ ጽዑቕ ዲፕሎማስያዊ ርክባት ከምዘካየደን፡ ኣብ ርክቡ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ትሕቲ ጨካን ምልካዊ ስርዓት ህግደፍ ተቖሪኑ ዘሕልፎ ዘሎ ሕሰም-መከራ ብጭብጥታት ዝተሰነየ መብርሂ ከምዝሃበ፡ ከምኡ'ውን ህዝብናን ፖለቲካዊ ሓይልታቱን፡ ሃገርና ካብ ምልኪ ተናጊፉ ዲሞክራስያዊ ስርዓት ንምትካል ዘካይድዎ ዘሎዉ ፍትሓዊ ቃልሲ ብምግላጽ፡ ኩሎም ደለይቲ ሰላምን ተጣበቕቲ ሰብኣዊ መሰላትን ነዚ ዝካየድ ዘሎ ፍትሓዊ ቃልሲ ክድግፉን፡ ስርዓት ኢሳያስ ስልጣን ንህዝቢ ንከረክብ ድማ ግቡእ ጸቕጥታት ክገብሩ መጸዋዕታ ከም ዘቕረበ ካብ'ቲ ቦታ ዝበጽሓና ጸብጻብ ሓቢሩ። ብኩነታት ሃገርና ግቡእ ተረድኦ ተጠሪዩ ምህላዉ ኣብ'ቲ ዝተኻየደ ርክባት ከም ዝበርሀ እቲ ጸብጻብ ወሲኹ ኣረጋጊጹ። ብተወሳኺ ዶር. ዩሱፍ ብርሃኑ፡ ኣባላት ሽማግለ ጨንፈር ስዊስ ግሃድኤ ዝተሳተፍዎ፡ ምስ ኣባላት በርጌሳውያን ማሕበራትን ዝተፈላለዩ ሃገራውያንን ሃናጺ ርክባት ከም ዘካየደ እቲ ካብ ጀነቭ ዝበጽሓንና ጸብጻብ ወሲኹ ሓቢሩ።

ብዕለት 26 መጋቢት 2010 ብዙሓት ግዱሳት ሃገራውያን ዝተረኽብዎ ኣገዳሲ ህዝባዊ ኣኼባ ከምዝተኻየደን፡ ኣብቲ ዝተኻየደ ኣኼባ፡ ዶር. ዩሱፍ ብርሃኑ ብዛዕባ ህልዊ ኩነታት ሃገርና መብርሂ ድሕሪ ምሃብ፡ ህዝብን ሃገርን ካብ ምልካዊ ስርዓት ንምድሓን ዝካየድ ዘሎ ቃልሲ ንምድንፋዕ፡ ግደ ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ ይኹን ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ኣብ'ዚ መድረኽ'ዚ ኣበየናይ ደረጃ በጺሑ ምህላዉ ሰፊሕ መግለጺ ከምዝሃበ፡ ነፍሲ ወከፍ ብዛዕባ ሃገሩ ዝግደስ ዜጋ፡ ኣብ'ዚ ዝካየድ ዘሎ ቃልሲ እጃሙ ከበርክት መድረኽ ይጠልቦ ምህላዉ ብጻይ ዶር. ዩሱፍ ንተሳተፍቲ ኣኼባ ኣዘኻኺሩ። ኣብ'ዚ መዳይ'ዚ፡ ነቲ ኣብ'ዚ ቀረባ ግዜ ንኽካየድ ተመዲቡ ዘሎ ሰፊሕ ዋዕላ ንዲሞክራስያዊ ለውጢ፡ ዕማም ናይ ኩሉ ሃገራዊ

ብምኽኑ፡ ነፍሲ ወከፍና፡ ፖለቲካዊ ዝምባሌታት ብዘየገድስ፡ ንምዕዋቱ ክንዕጠቕ ይግብኣና ክብል ዶር. ዩሱፍ ጸውዒቱ ምቕራቡ ተሓቢሩ። ብተወሳኺ ብኣኼበኛታት ኣዚዩ ሃናጺ ዝኾነ ሓሳባትን ርእይቶታትን ከም ዝቐረበን፡ ዝተኻየደ ኣኼባ ከኣ ብዓቢ ምርድዳእ ከም ዝተፈጸመን እቲ ዝበጽሓንና ጸብጻብ ኣረጋጊጹ።

ዶር. ዩሱፍ ቀጺሉ ብዕለት 27 መጋቢት 2010 ኣብ ከተማ ዙሪክ ብዙሓት ሃገራውያን፡ ብፍላይ ድማ መንእሰያት ዝተሳተፍዉ ዕዉት ህዝባዊ ኣኼባ ከም ዘካየደ ተሓቢሩ። ዶር. ዩሱፍ ብርሃኑ ሓላፊ ቤት ጽሕፈት ዝምድናታት ወጻኢ ግሃድኤ ኣብ መግለጺኡ፡ ህዝብናን ሃገርናን ዘሕልፍዎ ዘለዉ ሕሱም ኩነታት ብምግላጽ፡ ካብ'ዚ ኩነታት'ዚ ንምውጻእ ከኣ ብዘይካ ኩሉ ኣገባብ ቃልሲ ካልእ መተካእታ ከምዘየሎ ዓሚቕ ተንታን ድሕሪ ምቕራብ፡ መግለጺኡ ብምቕጻል፡ ስርዓት ኢሳያስ ካብ ህዝብን ዓለምን ተነጺሉ ኣብ ዓጽረ ሞት በጺሑ ኣብ ዘለወሉ እዋንን፡ ነቲ ኣብ'ዚ መጨረሽታ ግዜ ተኸሲቱ ዘሎ ኣህጉራዊ ሓዲሽ መርገጽ ከም ህዝብን ተቓውሞን ብግቡእ ተገልጊልና ካብ'ዚ ስርዓት ንክንገላገልን ኣብ ቦትኡ ድማ ፍትሕን ዲሞክራስን ማዕርነትን ዝሰፈኖ ስርዓት ንክንተክልን፡ ዕቱብ ቃልሲ ከነካይድ ይግብኣንና ክብል ሰፊሕ መብርሂ ምቕራቡ ተሓቢሩ።

ኣብ መደምደምታ እቲ መድረኽ ንኣኼበኛታት ዕድል ብምሃብ፡ ተሳተፍቲ ኣኼባ ሃናጺ ርእይቶታትን ሓሳባትን ከምዘቕረቡ፡ ንዝቐረብዎ ሕቶታት ድማ ኣዕጋቢ መልስታት ብምሃብ ኣኼባ ዙሪክ ብዓወት ከም ዝተዛዘመ ካብ'ቲ ቦታ ዝበጽሓና ሓበሬታ ኣረጋጊጹ።

ዶር. ዩሱፍ ብ28 መጋቢት 2010 ምስ ኣባላት ጨንፈር ግሃድኤ፡ ኣብ ስዊስ ኣገዳሲ ኣኼባ ከምዘካየደ። ኣብ መኽፈቲ እቲ ኣኼባ፡ ንግደን ኣበርክቶን ጨንፈር ስዊስ ኣብ ምሕያል ግሃድኤ ብምምጓስ፡ ንዲክታቶርያዊ ስርዓት ንምቕላዕ ኣብ ዝካየድ ዘሎ ምርብራብ ዘካይድዎ ዘለዉ ዘይሕለል ስራሓት ኣድናቆቱ ገሊጹ። ከምኡ'ውን ኣብ'ዚ መጨረሽታ እዋን ኣብ ዝተፈላለየ ከተማታትን ካንቶናትን ስዊስ ዝተኻየደ ዕዉት ናይ ስርርዕ ጎስጓስ ብምጥቃስ፡ ጻዕርታቶም ዝያዳ ክትርንዕ ኣዛዅኺሩ። ዶር. ዩሱፍ ነቲ ኣብ ዝሓለፈ ወርሒ ኣብ ልዕሊ ስርዓት ህግደፍ ንዝተወስደ ኣህጉራዊ እገዳ ንምቕዋም ብደገፍቲ ህግደፍ ኣብ ከተማ ጀኔቫ ዝተኻየደ ሰልፊ ኣብ ቅድሚ ሓፈሻዊ ርእይቶ ዓለም ዝምልከቶም ሰበ ስልጣን ንምቕላዕ፡ ጨንፈር ግሃድኤ፡ ብምትሕብባር ምስ በርጌሳውያን ማሕበራት ዘካየዶ ጻዕርታት ዝነኣድ ኢዩ ብምባል፡ ጨንፈር ግሃድኤ፡ ምስ ኩሎም ፖለቲካዊ ውድባትን ማሕበራትን ሃገራውያን ውልቀሰባትን ዘተኣሳስሮ ናይ ቃልሲ ዝምድናታትን፡ ከምኡ'ውን ምስ ዝተፈላለዩ ናይ ስዊስ ሰልፍታትን ማሕበራትን ዘለዎ ርክባት፡ ንክዕቅቦን ከማዕብሎን ክጽዕት ለበዋ ከምዘቕረበ እቲ ጸብጻብ ገሊጹ።

ዶር. ዩሱፍ፡ ብደረጃ ግሃድኤ ብፍላይ፡ ብደረጃ ኤ.ዲ.ኪ. ድማ ብሓፈሻ ዘሎ ፖለቲካዊ ምዕባሌታት ብሰፊሑ ድሕሪ ምግላጽ፡ ኣብዚ እዋን'ዚ ሰፊሕ ዋዕላ ንዲሞክራስያዊ ለውጢ ንምክያድ ተወጢኑ ዘሎ መድረኽ ንምዕዋት ኣብ ዝግበር ጻዕርታት ግሃድኤ ኩሉ ዓቕምታቱ የበርክት ከም ዘሎ ግልጺ ምግባሩ ሓቢሩ።

ኣብቲ ውዕሎ ኣኼባ፡ ኣባላት ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ፡ ቀዳማይ ውድባዊ ጉባኤ ብዓወት ድሕሪ ምዝዛሙ፡ መሪሕነት ውድብ ኣብ ኩሉ መዳይ ንጡፍ ሃገራዊ ዕዮ የካይድ ብምህላዉ ኣመጕሶም። ዕጡቕ ኣሃዱታት ግሃድኤ ኣንጻር ስለያዊ ማሓውር ህግደፍ ዘካይድዎ ዘለዉ ጅግንነታዊ ስርሒታት ኣድናቖቶም ብምግላጽ፡ ንምሕያል ውድብን ዕጡቕ ኣሃዱታቱን ካብኦም ዝሕተት ኣስተዋጽኡ ክገብሩ ምዃኖም ድልውነቶም ከምዘረጋገጹ እቲ ዝበጽሓንና ጸብጻብ ሓቢሩ።

ዶር. ዩሱፍ ብርሃኑ ዑደቱ ብምቕጻል ዕለት 29 መጋቢት 2010፡ ምስ ወከልቲ ኤርትራዊ ማሕበር ሰላምን ዲሞክራስን ኣብ ስዊስ ተራኺቡ ሃናጺ ዘተ ከምዘካየደን፡ ኣብ ርክቡ ብዛዕባ ህልዊ ኩነታት ኤርትራን ደምበ ተቓውሞን ውድባዊ ኣመለኻኽታን መብርሂ ድሕሪ ምቕራብ፡ ብበርጌሳዊ ማሕበር ሰላምን ዲሞክራስን ዝተኻየደን ዝካየድ ዘሎን ቃልሲ ድማ ኣመጕሱ። ወከልቲ ማሕበር ሰላምን ዲሞክራስን ብወገኖም ብዛዕባ ማሕበሮምን ከምኡ'ውን ብዛዕባ ዲሞክራስያዊ ምንቅስቓስ ኤርትራዊ በርጌሳዊ ማሕበራት ኣብ ኤውሮጳ ሰፊሕ መግለጺ ከምዘቕረቡ፡ ህዝብን ሃገርን ኤርትራ ንምድሓን ኣብ ዝካየድ ዘሎ ቃልሲ ምትሕብባር ፖለቲካውን በርጌሳውን ማሕበራት ዓቕምታቶም ብሓባር ክጸምዱ ዕዙዝ ተደላይነት ከም ዘለዎ ሓባራዊ ተረድኦ ከም ዝነበረ ዝበጽሓንና ጸብጻብ ኣረጋጊጹ። ኣብ መደምደምታ፡ ሰፊሕ ዋዕላ ንዲሞክራስያዊ ለውጢ ንምዕዋት ኣብ ስዊዘርላንድ ዝነብሩ ሃገራውያን ኣበርክቶኦም ክብ ከበሉ ድሉዋት ምህላዎም ከምዘረጋገጹ እቲ ዝበጽሓንና ጸብጻብ ወሲኹ ሓቢሩ። ኮምኡ'ውን ኣብ መንጐ ግሃድኤ ጨንፈር ስዊዘርላንድን ማሕበር ሰላምን ዲሞክራስን ተጠሪዩ ዘሎ ናይ ቃልሲ ዝምድና ንምምዕባል ዝያዳ ክጽዕሩ ዶር. ዩሱፍ ብርሃኑ ለበዋ ከምዘቕረበ ተሓቢሩ።

ብጻይ ዶር. ዩሱፍ ብርሃኑ ኣባል ፈጻሚ ኣካልን ሓላፊ ቤት ጽሕፈት ወጻኢ ዝምድናታትን ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ፡ ዑደቱ ኣብ ሃገረ ስዊስ ዕዉትን ውጽኢታውን ከም ዝነበረ ካብ ጀኔቫ ዝበጽሓንና ዜናዊ ጸብጻብ ኣረጋጊጹ።

# ጩንፈራዊ ጉባኤ ግሃድኤ ኣብ
# ካርቱም ብድምቀት ተሰላሲሉ፣

ካብ መፋርቕ ወርሒ ለካቲት 2010 ጀሚሩ ኣብ ዝተፈላለየ ቦታታትን ከባብታትን ብቐጻሊ ብላዕለዎት ካድራት ግሃድኤ ተመሪሑ ክካየድ ዝጸንሐ ናይ ጉጅለታት ኣኼባ ድሕሪ ምዝዛሙ ጩንፈራዊ ጉባኤ ካብ ሕድሕድ ጉጅለታት ብደሞክራስያዊ ኣገባብ ብዝተመርጹ ወከልቲ ኣባላት፡ ብዕለት 26 መጋቢት 2010 ኣብ ከተማ ካርቱም ብድምቀት ከምዝተጋብአ ካብቲ ቦታ ዝበጽሓና ጸብጻብ ሓቢሩ።
ኣብ'ቲ መኽፈቲ ጩንፈራዊ ጉባኤ፡ ሓላፊ ቤት ጽሕፈት ህዝባዊ ውደባ ንተሳተፍቲ እንቋዕ ደሓን መጻእኩም ድሕሪ ምባል፡ መሰረታት ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ ኣብ ቀዳማይ ጉባኤ ግሃድኤ፡ ንምዕዋት ጉባኤ ዘርኣይዎ ጽንዓትን ተወፋይነትን ኣመልኪቱ ሰፊሕ መብርሂ ከምዝሃበ፡ ኮምኡ'ውን ብዛዕባ ህልው ኩነታት ሃገርናን ከባቢናን፡ ብዛዕባ ኣብ ልዕሊ ስርዓት ህግደፍ ተነቢሩ ዘሎ እገዳ (ማዕቀብ) ሃስያ ኣመልኪቱ መብርሂ ከምዝሃበ ተሓቢሩ።

ጉባኤኛታት፡ ቀጺሎም ናብ ጸብጻብ ምስማዕ ኣትዮም። ኣብቲ ዝቐረበ ጸብጻብ ዓሚቕ ገምጋም ከምዝተኻየደን ኣወንታን ኣሉታን ብግቡእ ከምዝተነጸረን እቲ ዝበጽሓንና ጸብጻብ ኣረጋጊጹ። ብተወሳኺ ጉባኤኛታት፡ መሪሕነት ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ ድሕሪ ምዕዋት ቀዳማይ ጉባኤኡ ኣብ ዓውደ ስራሕ ተዋፊሩ ዘርእዮ ዘሎ ንጥፈታት ኣሞጒሶም። ኮምኡ'ውን ዕጡቕ ኣሃዱታት ግሃድኤን ዲሞክራስያዊ ውድብ ዓፋር ቀይሕ ባሕርን ንዘርእይዎ ዘለዉ ሓባራዊ ጅግንነታዊ ስርሒታትን ምውህሃድን ናእዳኦም ከምዝገለጹ ተመልኪቱ። ብተወሳኺ ጉባኤኛታት፡ ንውድቦም ግሃድኤ ኮነ ንኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ንምሕያል ክጽዕቱ ምዃኖም ድልውነቶም ከምዘረጋገጹ እቲ ጸብጻብ ወሲኹ ሓቢሩ።

ኣብ መደምደምታ ርእይቶታትን ለበዋታትን ብምሕላፍን ንመጻኢ ትመርሕ ሽማግለ ጩንፈር ብምምራጽን ጩንፈራዊ ጉባኤ ካርቱም ብድምቀት ምዝዛሙን ተሓቢሩ።

# ሓባራዊ መግለጺ
# ወተሃደራዊ ስርሒት፣

ጀጋኑ ኣሃዱታት ዲሞክራስያዊ ውድብ ዓፋር ቀይሕ ባሕርን፡ ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራን ናብ 22 ሚያዝያ 2010 ዘውገሐ ለይቲ፡ ኣብ ልዕሊ ኣባላት ስለያ ስርዓት ኢሰያስ ፈልዩ ዝዓለመን ራዕዲ ዝፈጠረን፡ ሓባራዊ ዝተዋሃሃደ መጥቃዕቲ ምክያዶም ካብ ክልቲኡ ኣሓት ውድባት ላዕለዎት ወተሃደራዊ ሓለፍቲ ዝተዋህበ መግለጺ የረጋግጽ።
እቲ ዝተኻየደ መስተንክራዊ ሓባራዊ መጥቃዕቲ፡ ኣብ ትሕቲ ስርዓት ኢሰያስ ዝርከብ ስርሒት 3፡ ክፍለ ሰራዊት 27 ተባሂሉ ዝፍለጥ ከምዝኾነን፡ ማእከል ስሕበት ቦትኡ ዓዲ ምስጋን ኣብ ንኡስ ዞባ ጸሮና ትርከብ ደኩኑ ከምዝነበረ፡ እቲ ዝተፈነወ በርቃዊ ስጉምቲ ድማ ኣብ ዓዲ ምስጋን ኮይኑ ኮምኡ'ውን ኣብቲ ከባቢ ዝርከባ ኣብ ሓድሽ ዓድን ጸሊም ቀላይን ነቑጣም ንዝነበሩ ኣባላት ስለያ ስርዓት ኢሰያስ ኮላይ ዘጠቓለለ ዕዉት መጥቃዕቲ ነበረ።
ኣብ ዓዲ ምስጋን ዓስኪሩ ዝነበረ ስለያ ስርዓት ኢሰያስ ምውትን ቁሱልን ኸሽውን ከሎ፡ እቲ ዝተረፈ ከኣ እግረይ ኣውጽእኒ ኢሉ ዘርምዘርሞ ፋሕ-ጭንግግራሕ ኣትይዎ ተበቲኑ። ኣብ ሓድሽ ዓድን ጸሊም ቀላይን ዝነበረ'ውን ተመሳሳሊ ዕጻ በጺሕዎ። ብዙሕ ወተሃደራዊ ዕጥቅን ንብረትን ተመንዚዑ። እቲ ቦታ ንሰዓታት ዝኣክል ኣብ ትሕቲ ሓባራዊ ኣሃዱታት ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራን ዲሞክራስያዊ ውድብ ዓፋር ቀይሕ ባሕርን ቁጽጽር ጸኒሑ። ኣብቲ ከባቢ ናይ ኪዳንን ተቓወምቲ መሓዙት ውድባትን ዝገልጽ ጽሑፋት ብትግርኛን ብዓረብኛን ብብዝሓት ምዝርጋሕ ተኻኢሉ።

ጀጋኑ ተጋደልቲ ዲውዓቀባን ግሃድኤን ሓባራዊ ስርሒቶም፡ ኣብ ልዕሊ ነቲ ንህዝቢ ደም እንዳንበዐ ዝጭፍጭፍን ዝቐትልን ዘሎ ማሓውር ስለያ ስርዓት ኢሰያስ ኣለልዩ ዘቕነዐ ከምዝነበረ። ኣሃዱታት ክልቲኡ ውድባት ኣብ ዝደለይዎ ቦታን ግዜን ኣትዮም ድሌቶም ክፍጽሙን ሕነ ህዝቦም ክፈድዩን ዘኽእል ብቕዓት ከምዝወነኑን ዘርኣይዎ ጀግንነት ህያው ምስክር ከምዝኾነ።
ወተሃደራዊ ሓለፍቲ ክልቲኣኡ ውድባትና በዚ ኣጋጣሚ'ዚ፡ ቃልስና ንሰላም፡ ንደሞክራሲ፡ ንፍትሒ፡ ንማዕርነት፡
ንህዝባዊ ሓርነታትን ክብረታትን ኮይኑ፡ እዚ ኣብ ሽቶኡ ክሳብ ዝበጽሕ ጉልበትና ሽብረኽ ከየበልና ብናህሪ ከምንቕጽል ነረጋግጽ።
ኣብ መደምደምታ ነቲ ኣብ ትሕቲ ስርዓት ኢሰያስ፡ ተቆሪኑ ብሕሱም መነባብሮ ዝነብር ዘሎ ውጹዕ ኣባል ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ፡ ኣብ ህልውና ስርዓት ኢሰያስ፡ ራህዋን ቅሳነትን ይመጽእ ይኸውን ኢልካ ምሕሳብ ዕድመኻ ኣልቦ-ፍረ ብኮንቱ ምውዳእ ምዃኑ ተረዲእኻ ኣብ ጎኒ ደሞክራስያውያን ተቓለስቲ ኣሓዋትካ ክትጽምበር ይጽውዑ።

ዲውዓቀባ፡ ግሃድኤ፡
22 ሚያዝያ 2010